***<u>እዋኑ፡ መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያን ግብርን ለውጢ ‘ምበር፡</u>***

***<u>ብስምስም ኣብ ጋማን ንምንባር ዘፍቅድ ኣይኮነን።</u>***

***ህዝቢ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ኲለ-መዳያዊ ቅልውላው ወጺኡ፡ ከም ህዝቢ ንቡር ህይወት ክመርሕ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውን ምሁራትን ካብ’ቲ ዝጸንሐ ዝሩግ ወይ ድሑር ስምዒታት ሓራ ዝኾነ፡ ብሓቂ ህዝባዊ ዝኾነ ገዛኢ ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ቅድሚት ክመጽእ ኣለዎ። ክሳብ ሎሚ ዝመጻኣናዮ ብዓብላሊ ብፖለቲካዊ ድሕረት ዝተዓብለኸ ወይ ከም’ቲ ኣብ ዓውዲ ዘኹድድ ምሕርትን ሓሳርን ዝሓዋውስ ዘራጊቶ ንፋስ፡ ካብ ዘለዎ ንድሕሪት እናተመልሰ፡ ሕድሕዱ እናተኻሰሰን እናተነኸሰን ሕምብሊል ዝብል ‘ምበር፡ ህዝብን ህዝባዊ ስልጣንን ማእከሉ ገይሩ፡ ዓቕሙ ጸንቂቑ ዝዋሳእ ኣይነበረን። ኣብ ክንዲ ካብ ዝኣተኻዮ መዓሙቕ ድሕረት ክትወጽእ ፋሕተርተር ምባል፡ ቅኑዕ ርእይቶ ንዝሓዙ ወገናት ብሓሳብን ብተግባርን ብምሕንኳል ናብ ኣቕዲምካ ዝነበርካዮ መበገሲኻ እናተመለስካ ጋም-ማን ምባል’ዩ ክረአ ጸኒሑ። ዛጊት ሕጂ’ውን ብኸምኡ’ዩ ዝቕጽል ዘሎ።***

***እቲ ሓቂ ከምኡ ምዃኑ ከም ህዝብን ሃገርን ኣተሃላልዋና ምስክር’ዩ። ኲሉ ዜጋ ክስከፈሉ ክጠዓሰሉን ክመሃረሉን ዝግባእ እኳ እንተኾነ፡ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውያን ምሁራትን ግን ልዕሊ ካልእ 27 ዓመት እንታይ ንገብር ጸኒሕና፡ እንታይ ኣፍሪና ኢሎም ነብሶም ክግምግሙ፡ ብውጽኢት ኣልቦ ጉዕዞኦም ክጠዓሱ፡ ክሓፍሩን ክመሃሩን ይግባእ። ከም ሰብ ኮነ ከም ፖለቲካዊ ውድብ ዕድመን ግድምናን ምቑጻር ንበይኑ ፋይዳ የብሉን። ዕድመን ግድምናን ብህዝባዊ ኣረኣእያ ብውጽኢት’ዩ ክዕቀን ዘለዎ። ዕድመን ጥዕናን ረኺብካ 100 ዓመት ምጽናሕ፡ ከይፈረስካ ፖለቲካዊ ውድብ ኮይንካ ምቕጻል፡ ዕድል ረኺብካ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ሊቅነት ምብጻሕ ብዓይኒ ሓባራዊ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ክምዘን ክግምገም እንከሎ፡ ሕቶ ሃገራዊ ሰላም፡ ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ማሕበራዊ ፍትሕን እንጀራን እንተዘይመሊሱ ዳርጋ ዘየለ’ዩ ዝኸውን።***

***እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ከም መንግስታዊ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ፡ ዕድመኡ ምሉእ ኣብ ጌጋ ተኣሊኹ ክነብር ዘይኮነ ካብ ጌጋኡ ተመሂሩ ለውጢ ክገብር ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ዝጽበዮ’ዩ። ብተግባር ግን ብመንገዲ ጥፍኣት ክጎዓዝ፡ ጽልእን ዝሩግ ፖለቲካዊ ኩነታት ፈጢሩ ከሳሲ ደኣምበር ዝኾነ ይኹን ናይ ምእራም ምልክት ኣየርኣየን። ብርግጽ ብዙሕ ይዛረብ ብዙሕ መብጸዓ ይኣቱ’ዩ። ምቁራት ቴማታት ኣውጺኡ ክደጋግም ይስማዕ’ዩ። ኣብ ምድሪ ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ ኮነ ቁጠባዊ መዳያት ዝተመዝገበ ምዕባለ ግን የለን። ካብ ትማሊ ነበርናን ገበርናን ጃህራን ፈኸራን ምድግጋም ወጻኢ ህዝቢ ዝምስክሮ ጥብ ዝብል ሓድሽ ጠቓሚ ነገር የለን። ዝነበረ ኣጥፊኡ ‘ምበር ዝኾነ ዘምጸኦ ሓድሽ ጠቓሚ ምዕባለ የለን። ስለዚ ህግደፍ ዝጉሕፎ ዝሰኣነ ቅቡጽ ጸረ-ህዝቢ እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ብምዃኑ፡ ከም ሕጋዊ ህዝባዊ ሓላፍነት ዝስመዖ መንግስቲ ከምዚ ዘይገብር ኢልካ ምውቃስ ምኽሳስ ምጽባይ ንገዛእ ርእሱ ምልክት ፖለቲካዊ ዝርገት ስለዝኾነ፡ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውያን ምሁራትን እንታይ ክብሉን ክገብሩን ኣለዎም ናብ ዝብል ጠመተ ሂብካ ምስራሕ ዋኒን ኲሉ ደላዪ ለውጢ ክኸውን ይግባእ።***

***ስለምታይ’ሲ እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ፡ ንግሩሃትን ግዙኣት ፖለቲካን ኣይተረደኦምን ደኣምበር ካብ ዕውት መስርሕ ረፈረንደም ንደሓር ሃገራዊ ሓረበኛዊ ተራኡ ዝጸንቀቐ፡ ናብ ዘቤታዊ ገዛኢ ደርቢ ዝተሰጋገረ ጸላኢ ዜጋታትን ህዝብታትን ኤርትራ’ዩ። ኣብ ስልጣን ዝጸንሓሉ 27 ዓመት ከኣ ገዛኢ ደኣምበር መራሒ ኮይኑ ኣይኮነን። ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውያን ምሁራትን ከኣ ብፍላይ ዝመጽእዎ ብግቡእ ገምጊሞም ካብ ስምዒታውነትን ጸቢብ ፖለቲካዊ ሕሳባት ወጺኦም ህዝባውን ደሞክራስያውን ኣተሓሳስባ ዓጢቖም፡ ጽሮትን ውህደትን ፈጢሮም፡ ንጹር ናይ ዓወት ፖለቲካዊ ኣንፈት ተኸቲሎም በቃ ይኣኽለካ እንተዘይኢለሞ ንቕድሚት’ውን ገዛኢ ደርቢ ኮይኑ ክቕጽል’ዩ።***

*ኣብ ሓንቲ ሃገር ናይ ህዝቢ ዕለታዊ ኩለ መዳያዊ ህይወት ካብ ቅድም ዝነበረ ዝሓሸ ነገራት ኣተኣታቲኻ ምስራሕ ወሳኒ ተልእኾ ናይ ሓደ መንግስቲ ምዃኑ ኣየከራኽርን። ይኹን ግን ናብራ ህዝብታት ምልዋጥ ናይ ኩሎም መንግስቲ ተባሂሎም ዝጽውዑ ሓይልታት ተልእኾ ከምዘይኮነ ምፍላጥ የድሊ። መነባብሮ ህዝቢ ናይ ምምሕያሽ ምልዋጥ ብኣረኣእያን ተግባርን ዝተሰነየ ህዝባዊ ተልእኾ ናይ ዘለዎም ደሞክራስያውያን መንግስታት ጥራሕ'ዩም። ስለዚ ዝሓሸ ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ዝተበላሸወ ፖለቲካዊ ምሕደራ ካብ መሰረቱ ዝቕይር ዓይነታዊ ለውጢ ንምምጻእ፡ ኣብ ኣተሓሳስባኻ ዓይነታዊ ለውጢ ምግባር ይደሊ። ከምኡ ክገብሩ ዘለዎም ድማ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያውያን ምሁራትን 'ምበር ከቶ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን።*

*ብድሑር ትምክሕታዊ፡ ጸቢብ ወይ በለጻዊ መንገዲ ኣእምሮኻ ተበኪሉ እናሃለወ፡ ለውጢ ይደሊ ኣለኹ ወይ ናይ ለውጢ ኣካል'የ ማለት እንተ ብፍላጥ ወይ ብዘፍላጥ ላግጺ'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ንገዛእ ርእስኻ ብትምክሕታዊ ሕማም ተለኺፍካ ንካልኦት እናቖናጸብካን መሰሎም እናተዳፋእካን ንካልእ ትምክሕታዊ ሓይሊ ንምውጋድ ይቃለስ ኣለኹ ክትብል ዘኽይድ ኣይኮነን። ንገዛእ ርእስኻ ፈታውን ጸላእን ህዝብን ፖለቲካዊ ሓይልን ሰብኣዊ መሰልን ደሞክራስያዊ መሰል ፈላሊኻ ምርኣይ ስእኒካ፡ ብፍጹም ጽበት ተጠላቒኻ እናሃለኻ፡ ንካልእ ጸቢብ ሓይሊ ምኹናን ሰማዒ ዘይብሉ በይናዊ ደርፊ'ዩ። መንገዲ በለጽ ሒዝካ ውልቀ ናብራኻ እናገበርካ ኣብ ዘዝሞቐ ከም ኣብ ጸባ ዝኣቱ ሃመማ ጠብሎቕ እናበልካ ካብ'ዚ ዘሎ ዝሓሸ ኣተሓሳስባ ክመጽእ ኣለዎ ክትብል ሞራላዊ ብቕዓት የብልካን።*

*ስለዚ ካብ'ዚ ኣጋጢሙና ዘሎ ሃገር ከደን ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላው ክንወጽእ፡ ቅድም ቀዳድም ምስ ገዛእ ርእስና ንማጎት ዕርቂ ንግበር። ህዝባዊ ዝኾነ መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያ ለውጢ ንወንን። ቅድሚ እንኮ ሰባዊ መንግስታዊ ጉጅለ ጸላኢና ዘይንጹር ወይ ድሑር ኣተሓሳስባና ምዃኑ ብግቡእ ንገንዘብ። ኢሳያስን መጋበርያኡ ህግደፍን ፈላለይቲ ኣቆናጸብቲ መደናገርቲ ፈረሓት ጨካናት ወከልቲ ውሑዳት ጸላእቲ እናበልና፡ ብጉልባብ መሬታዊ ሓድነት፡ ካብ ህዝብታት ንዝለዓሉ ናይ መሰል ሕቶ ንነጽግ እንተደኣ ኮይና መለሳ የብሉን። ፍልልዩ ኣብ ስልጣን ምህላውን ዘይምህላውን ጥራሕ'ዩ ዝኸውን። ስለዚ ንህግደፍ ክንስዕሮ ንድሑር ኣተሓሳስባ ንስዓር። ካብ እግረ መንገዳዊ ውሳነ፡ ኣብ ቅሉዕ ህዝባዊ መድረኽ ፊት ንፊት ነጥቢ ብነጥቢ ተኻቲዕና ብዝበጻሕናዮ ሓባራዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን ውሳነን ንገዛእ።*

*ዝተራቐቐ ስሉጥ መራኸቢታት ስለዝተረኸበ በብዝመስለካ ብደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ዘይተገርሐ ሓሳባት ምፍናው ነቲ ዝድለ ሃገር ከደን ፖለቲካዊ ለውጢ ዘዕንቅፍ 'ምበር ዝሕግዝ ኣይኮነን። ህዝባዊ ዝኾነ ዓይነታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ብሰናይ ድሌት ወይ ግዝያዊ ፕሮፖጋንዳዊ ጎስጓስ ዝመጽእ ኣይኮነን። ኣብ ገዛእ ርእስኻ ናይ ባህሪ ለውጢ ብምግባር፡ ኣቃውማን ጠለብን ናይ'ቲ ውጹዕ ብዱል ወገን ብግቡእ ሰሚዕካ፡ ንዕኡ ዝምልስ ዘይተደዋወሰ ፈታውን ጸላእን ዝፈልጠ ቅኑዕ ህዝባዊ ፖለቲካዊ መስመር ዓጢቕካ ብተግባርን ብውህደትን ምርብራብ የድሊ። ምኽንያቱ እዋኑ፡ መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያን ግብርን ለውጢ 'ምበር፡ ብምስምስ ኣብ ጋማ ማን ክትነብር ዘፍቅድ ኣይኮነን።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡* 26-10-2018